ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
ፈጻሚ ኣካል

جبهة الإنقاذ الوطني الإرترية
الهيئة التنفيذية

ERITREAN NATIONAL SALVATION FRONT
Executive Committee
ensf.info@gmail.com

# ቃል ሓዘን

## ብመስዋእቲ ተጋዳላይ ኢንጂነር ኸሊፋ ዑስማን ሓምድ !!

ህዝቢ ኤርትራ ብዓርቢ 3 ሕዳር 2023 ሓደ ካብ'ቶም ጀጋኑ ሓርበኛታቱ ዝኾነ ዓቢ ሃገራዊ ተጋዳላይ ኢንጂነር ኸሊፋ ዑስማን ሓምድ ብሞት ተፈሊይዎ። ጅግና ሓርበኛ ኢንጂነር ኸሊፋ ዑስማን ኣብ መጀመርታ ስሳታት ናይ ዝሓለፈ ክፍለ ዘመን ኣብ ሃገራዊ ቃልሲ ዝተሰለፈ ኮይኑ፡ ንህዝቡን ሃገሩን፡ ሰውራኡን፡ ህዝብና ወትሩ ዝዝክሮ ዓቢ ሃገራዊ ኣበርክቶ ካብ'ቶም ብተዋፋይነት ዝገበሩ ኢዩ። ክሳብ ናይ መወዳእታ ዓመታት ህይወቱ ድማ ኣብ መትከላቱን መርገጺታቱን ጽኑዕ ምንባሩ ዝተረጋገጸ ኢዩ።

ኢንጂነር ኸሊፋ ዑስማን ኣብ መወዳእታ ሰላሳታት ናይ ዝሓለፈ ክፍለ ዘመን ዝተወልደ ኮይኑ፡ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ትምህርቱ ብክብ ዝበለ ደረጃ ኣብ ካይሮ ኣጠናቒቑ። ብድሕሪኡ ስኮላርሺፕ ረኺቡ ናብ ኢጣልያ ብምኻድ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ፓለርሞ ኣብ ፋካልቲ ህንድስና ብመካኒካል ኢንጂነር ተመሪቑ። ድሕሪ ምምራቑ ድማ ኣብ ከተማ ቶሪኖ ኣብ ዝርከብ ፍሉጥ ኩባንያ "ፊያት" ስራሕ ጀሚሩ።



ተጋዳላይ ኢንጂነር ኸሊፋ ዑስማን ኣብ መሳርዕ ምንቅስቓስ ተማሃሮ ኤርትራ ኣብ ኤውሮጳ ምስ ብርክት ዝበሉ ብጾቱ ተጋደልቲ፣ ከም በዓል ስዉእ ዶክተር ያሕያ ጃብር፡ ስዉእ ዶክተር ጣሃ መሓመድ ኑር፡ ስዉእ ዶክተር ሃብተ ተስፋማርያምን፣ ተጋዳላይ ዶክተር ዩሱፍ ብርሃኑን ብንጥፈት ክንቀሳቐስ ጀመረ። ኣብ ጥቅምቲ 1971 ዓ.ም ኣብ ዝተኻየደ ቀዳማይ ሃገራዊ ጉባኤ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ኣካል ዕላዊ ልኡኽ ማሕበር ተማሃሮ ጨንፈር ኢጣልያ ብምዃን ተሳተፈ። ድሕሪ ምዝዛም ጉባኤ ድማ ብእኡ ንብኡ ኣብ ሜዳ ክሰለፍ ብምውሳኑ፣ ኣብ ዝተፈላለዩ መዳያት ቃልሲ ተመዲቡ ሰረሐ። ኣብ ግንቦት 1975 ኣብ ዝተኻየደ ካልኣይ ጉባኤ ተሓኤ፡ ኣባል ሰውራዊ ባይቶ ኮይኑ ተመረጸ። ከም ምክትል ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ምጣነ ሃብቲ ተመዲቡ ርኡይ ኣስተዋጽኦ ገበረ። ድሕሪ'ታ ብልቢ ዝፈትዋ ዝነበረ ተሓኤ ዘጋጠመ ዝሕዝን ምፍልላይ፡ ኣካል ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ - ሰውራዊ ባይቶ ብምዃን፡ ኣብ ብዙሕ መሪሕነታዊ ጽፍሕታት፣ ብፍላይ ድማ ኣብ ፈጻሚት ሽማግለ ከም ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ተቓሊሱን ኣቃሊሱን ኢዩ።

ከም ኢንጂነር ኸሊፋ ዑስማን ዝኣመሰለ፣ ሃገሩ ሓራ ንምውጻ ዝበዝሐ ዕድሚኡ ዘሕለፈ፡ ኤርትራ ነጻነታ ድሕሪ ምርግጋጽ፣ ኣብ ሃገሮም ተመሊሶም ካብቶም ቀዳሞት ክብሪ ዝዋሃቦም ክኸውን'ኳ ይግበኦ እንተነበረ፡ ሓርበኛ ኸሊፋ ግን ከም ብዙሓት ሃገራውያን ሓርበኛታት፡ ብሰንኪ'ቲ ኣግላልን ጨቋንን መርሆ ስርዓት ህግዲፍ፡ ኤርትራውያን ንወለዶታት ዝተቓለስሉ ዕላማታት ክሳብ ዝዕወት ቃልሲ ክቕጽል መሪጹ።

ሎሚ ኤርትራ ሃገርና ሓደ ካብቶም ብሉጻት ደቃ ኣብ ተፋንወሎ ዘላ መሪር ወቕቲ፡ መርገጺታቱን፡ ጽኑዕ ሃገራዊ መትከላቱን ብጽንዓት ሒዝና፡ ዕላማታት ህዝብና ኣብ ሓርነትን ዲሞክራስን ፍትሕን ብምሉኡ ክሳብ ዝዕወት ቃልስና ቀጻሊ ምዃኑ ቃል ንኣቱ። ንጅግና ሓርበኛ ኢንጂነር ኸሊፋ ዑስማን ሓምድ ልዑል ፈጣሪ ኣብ ሰፊሕ ገነቱ ይቀበሎ፣ ንፍትዋት ደቁን (ራይሞከን ዑስማንን)፡ ክቡራት ስድራ ቤቱን፣ መቓልስቲ ብጾቱን ከምኡ'ውን ንኹሉ ህዝቢ ኤርትራ ሰብርን ጽንዓትን ኣኻእሎን ይሃበና።

ፈጻሚ ኣካል ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
4 ሕዳር 2023 ዓ.ም